ማእኸል ተሃድሶ ሰራዊት ትግራይ መለስ ካምፓስ ንውጉኣት ተጋደልቲ ንምግብነት ዝውዕል ኣቤዛ ብግልጺ ጨረታ ኣጫሪቱ ክዕድግ ይደሊ።በዚ መሰረት እዞም ዝስዕቡ ረቐሒታት እተማልኡ ሕጋውያን ነጋዶ ክትሳተፉ ይዕድም።

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ረቡዕ የካቲት 6, 2016 (ልዕሊ 2 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: የካቲት 21, 2016 4:00 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:50,000
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:150
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: የካቲት 21, 2016 4:30 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ኣቅርቦት ምግቢ /

ምልክታ ግልፂ ጨረታ

ማእኸል ተሃድሶ ሰራዊት ትግራይ መለስ ካምፓስ ንውጉኣት ተጋደልቲ ንምግብነት ዝውዕል ኣቤዛ ብግልጺ ጨረታ ኣጫሪቱ ክዕድግ ይደሊ።በዚ መሰረት እዞም ዝስዕቡ ረቐሒታት እተማልኡ ሕጋውያን ነጋዶ ክትሳተፉ ይዕድም።

1) ተጫረቲ ሕጋዊ ንግዲ ፍቓድን(ቲን ናምበር) ናይ ኣቅራባይነት ፍቃድን ዘለዎምን ኣድላዪ ዶክሜንትን ምስቲ ሰነድ ፎቶ ኮፒ ኣተሓሒዞም ከቕርቡ ይግባእ።

2) ተጫረቲ ኣብ ዘእተውዎ ሰነድ ብዘይ ስርዝ ድልዝ ንጹር ዋጋ መሊኦምን ፈሪሞምን ብዝተዓሸገ ኢንቨሎፕ ከቕርቡን ኣብ ኣመላልኣ ዋጋን ስፐስፊኬሽንን ንዝፈጠርዎ ጌጋ ተቐባልነት ከምዘይብሉ ፈሊጥኩም ብጥንቃቄ ክትመልኡ ይግባእ።

3) ተጫረቲ ብማ/ተ/ሰ ትግራይ መለስ ካምፓስ ብዝተዳለወ መምልኢ ዋጋ ኣብ ባዕሉ መሊእኹም ካብ ዕለት 06/06/2016 ዓ/ም ጀሚርኩም ክሳብ ዕለት 21/06 /2016 ዓ/ም ጨረታ ዝዕፀወሉ ግዜ ኣብ ዕደጋ ክፍሊ ዝተዳለወ ሳንዱቕ ጨረታ ክተእትዉ ይግባእ።

4) ተጫረቲ ቴክኒካልን ፋይናንሻልን ስፐስፊኬሽን በቢ በይኑ ብፖስታ ዓሺጎም ከቕርቡ ይግባእ።

5) ተጫረቲ ዘቕረብዎ ዓይነት ግልጋሎት ብዝተኣዘዘ ግዘ ፣ መጠንን ፅፊትን መሰረት ክኸውን ይግባእ።

6) እቲ ጨረታ ተጫረቲ ወይ ሕጋዊ ወኪላቶም ኣብ ዘለውዎ ዕለት 21/06 /2016 ዓ/ም ቴክኒካል ስፐስፊኬሽን ቅድሚ ሰዓት 4:00 ተዓፅዩ 4፡30 እንትኽፈት እቲ ፋይናንሻል ስፐስፊኬሽን ድማ 8:00 ሰዓት ይኽፈት።

7) ናይ ጨረታ መኽበሪ 50,000 (ሓምሳ ሽሕ) ቕርሺ ብባንኪ ዝተረጋገፀ CPO ጥራሕ ብማ/ተ/ሰ ትግራይ መለስ ካምፓስ ሽም ብዝተዓሸገ ፖስታ ከእትዉ ይግባእ።

8) ተጫረቲ ዝርዝር ናይ ጨረታ ሰነድ ዘይምለስ 150(ሓደ ሚኢትን ሓምሳን) ቕርሺ ኣብ ናይ ትካልና

ፋይናንስ ብምኽፋል እቲ ሰነድ ካብ ዕደጋ ክፍሊ ክወስዱ ይግባእ።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

9) ተጫረቲ ማህተም ዘለዎ ምሉእ ኣድራሽኡምን ስልኪ ቁፅሮምን ከቕምጡ ኣለዎም።

10) ተጫረቲ ናይ ቫት ተመዝጋቢ ሰርተፍከት ኮፒ ከተሓሕዙ ኣለዎም ተቕርብዎ ዋጋ ድማ ሻት ዝሓውስን ዘይሓውስን ምኼኑን ክግለፅ ኣለዎ።

11) ሰዓራይ ጨረታ ነቲ ዘሸነፎ ዓይነት ግልጋሎት ውዕሊ ኣሲሩ ኣብ ውሽጢ ሰለስተ መዓልቲ ግልጋሎት ክጅምር ይግባእ።

12) ተጫረቲ ናይ 2016 ዝተሓደሰ ንግዲ ፍቃድ ምስ ናይ 2015 ግብሪ ከም ዝከፈለ መራጋገጺ ሰነድ ኣታሓሒዙ ከቅርብ ዝክእል ክኮውን ኣለዎ።

13) ትካልና ዝሐሸ መማረፂ እንተረኺቡ እቲ ጨረታ ብውሱን ወይ ኸዓ ብምሉእ ናይ ምስራዝ መሰሉ ሕልው እዩ።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle